# ንኹሉ ጊዜ ኣለዎ!

ንኹሉ ዘዘመኑ ኣለዎ፡ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኹሉ ነገር ከአ ገጊዚኡ ኣለዎ (መክ.3፡1)

ንጉስ ሰለሞን ካብቶም ኣዝዮም ብጥበብ እተመልኡ ነገስታት እስራኤል ሓደ ክም ዝነበረ ንፈልጥ። መንፈሳዊ ካብ ምኳን ሐሊፉስ ፍላስፋ ከይተረፈ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ዘመኑ ዝነበሩ ነገስታት ምድሪ ንግስቲ ሳባ ካብ ኢትዮጵያ ሓዊስካ ንጥበቡ ክርእዩ ካብ ኣፉ ዝወጽእ ጥበብ እውን ክሰምዑ ኣሽሓት ኪሎሜትራት እናተጓዕዙ ይመጹ ነይሮም። ብመለከዒ ምድሪ ብሃብቲውን ከይተረፈ ከምኡ ዝበለ ንጉስ ኣይነበርን።§

ካብቲ ብመንፈስ ቅዱስ ተደሪኹ ዝበሎ ሓደ ኣባህላ ንኹሉ " ገጊዜኡ ኣለዎ" እዩ። እዚ ንጉስ እዚ መብዛሕትኡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ጽሒፍዎ ዘሎ ተሞክሮታት ህይወት ርእይዎን ጥዒምዎን ተሞኪርዎን እዩ። ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ
ዘሎ ክግበርን ክብጻሕን ዝክኣል ገይሩ ርእይዎ ንዓና ድማ " ካባይ ተምሃሩ" ብዝብል መንፈስ ኣብ ቃል ኣምላኽ ሓዲጉልና ሓሊፉ ኣሎ።

ካብቲ ንሱ ዝበሎ ሓደ ክፍሊ ንጊዜ ዝምልከት " ንኹሉ ገጊዜኡ ኣለዎ" (መክብብ 3፡1) ዝብል ኣባህላ እዩ። ቅድሚ ግዚኡ ዝኸውን ዋላ ሓደ ነገር የሎን። ዳዊት ኣቡኡውን " እቲ ብዛዕባይ ኣብቲ ጥቕሉል መጽሓፍ እተጻሕፈ " ( መዝ. 4፡7) ብምባል ትዕድልቱ ኣብ መጽሓፍ ኣምላኽ ሰፊሩ ከም ዘሎ ተዘሪቡ ኣሎ። ጎይታ የሱስ ክርስቶስውን ንይሁዳ ኣመልኪቱ " ወዲ ሰብሲ፡ ከምቲ ብዛዕባኡ እተጻሕፈ፡ ይኸይድ፡፡እቲ፡ ወዲ ሰብ ብእኡ ዚተሐዝ ሰብኣይ ግና ወይለኡ። እቲ ሰብኣይ እትስ እንተ ዘይውለድ፡ ምሔሾ ነይሩ። " ኢሉ።(ማር. 14፡21) ብዘይካ ንይሁዳ ኣስቆሮታዊ ንኹሉ ሰብ ኣብ ህይወቱ ንዝገጥሞ ንዝኽእል ነገራት ኣብ መጽሓፍ ኣምላኽ ተጻሒፉ ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ እዩ ንጉስ ሰለሞን በብሓደ ንኹሉ ገጊዜኡ ኣለዎ ኢሉ ብዙሕ ኣጋጣምታት ህይወት ዘርዚሩልና ዘሎ። (መክብብ 3፡1-8) ዘርዚሩ ምስ ወድኤ ድማ " ንኹሉ ብጊዜኡ ጽቡቕ ገበሮ " ብምባል ኣዛዚምዎ።

ኣምላኽና ወርትግ ጽቡቕና ስለዝሓስብ ንኹሉ ነገርና ብጊዜኡ ክገብሮ እዩ ዝደሊ። ንሕና ከም ነብዪ ኣንባቆም " ክሳዕ መዓስ " ክንብል ንሱ ድማ "ተጸበ " ክብል ኢና ንራባረብ። መጽሓፍ ቅዱስና ነዚ ቅኑዕ ጊዜ ቋንቋ ገዛእ ርእሱ ኣለዎ። ንሱ ድማ ምልኣት ጊዜ ይብሎ። ምላድ ምዕባይ ምስቃልን ሞትን ትንሳኤን ከምቲ ኣምላኽ ዝመደቦ ምኽርን በቲ ኣምላኽ ዝወድኦ ጊዜን ኮይኑ። ኣይዶንጎየ ኣይቀልጠፈ። ቃል ኣምላኽ ነዚ ኣመልኪቱ " ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ኽንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ኻብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ።" ይብል። (ገላ.4፡4) እዚ ጊዜ እዚ መቑጸሪ ጊዜ ወይ ዓውደ ኣዋርሕ ኣምላኽ ክንብሎ ንኽእል። ናባና ክንውርዶ ከሎና መስከረም ጥቅምቲ ወይ ሰሉስ ሮቡዕ ውይውን ሰዓት ሓደ ሰዓት ዓሰርተ ንብሎ ንኸውን።

ንኹሉ ኣብ ህይወትና ይኹን ኣብ ዙርያና ዝኸውን ዘሎ ደረትን መወዳእታን ኣለዎ። እቶም ዓመጽቲ እንተኾነ ኣምላኽና " ጽውኣም ከመልእ " ይጽበዮም ኣሎ። እቲ ንሕና እንሓልፎ ዘሎና ብድሆታት ህይወት ኣብ ህይወትና ዘድልዮ ስራሕ ምስ ኣስለጠ ሽዑ ምልኣት ረኺቡ ስለዝብሃል ኣምላኽ ካብ ዙፋኑ ይኣክል ክብሎ እዩ።

**THERE ARE YEARS THAT ask questions and years that answer.** Zora Neale Hurston, Their Eyes Were Watching God (Lipipncot Philadelfia, 1937 ) p.27